# ስነስርዓት ዝኽሪ ሳን ሆዘ ኣብ ማእከላይ ባሕሪን ካልኦትን ዘጓነፈ ሓደጋ ብምዝካር

## Candle Light Vigil of San Jose, to those who perished in Mediterranean Sea & others

ኣብ ልዕሊ ዓበይቲን ንኣሽቱን የሕዋትናን ካልኦትን ኣብዚ ቀረባ እዋንን ቅድሚኡን ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ይኹን ኣብ ሲናይ ወይ ኣብ ዉሽጢ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ ንዘጓነፈ ናይ ሞት ሓደጋ ግዳያት ብምዝካር ነበርቲ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ኣብ ማሕበረ ኮምና ሽምዓ ብምውላዕ ናይ ዝኽሪ ስነ ስርዓት ትማሊ ኣካይዶም። ብዛዕባ ማእከላይ ባሕሪ፡ ምድረበዳ ሲናይ ይኹን ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ብቀጻሊ ዘጓንፍ ዘሎ ስቅያት ሓጺር መልእኽቲ ካብ ኣቦ መንበር ማሕበረ ኮም ድሕሪ ምስማዕን መጠን እዚ ሓደጋታት መዓረ ክንደየናይ ኣሰካፊ ኣሰቃቒን ተመዝማዚን ከምዝነበረ ዝገልጽ ሓበሬታታት ካብ ሚድያ ብመገዲ ኣካየድቲ ማሕበረ ኮም ድሕሪ ምስማዕን ነበርቲ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ነዚ ዝወረደና ሓዘን ኣብ ግምት ብምእታው ንቤተ ሰብ ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብሓፈሽኡ ጽንዓት ይሃብኩም ይብሉ። ነዚ ቀጻሊ ዘጓንፈና ዘሎ ዓለም ለኻዊ ሽርሒን ፍትሒ ኣልቦ ተግባራት ብምኹናን፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግቡእ ፍታሕ ከምዝገብሩሉ ማሕበረ ኮም ሳን ሆዘን ከባቢኣን ጽኑዕ እምነቱ ይገልጽ።

ግዳያት ዝኾኑ የሕዋትና መንግስተ ሰማይ የዋርሶም !
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ማእከል ባህላውን ምዕባለን ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ










Eritreans of San Jose and environs yesterday conducted a Candle Light Vigil in memory of our brothers and sisters, along other citizens, who lost their young precious lives in Mediterranean Sea and Sinai Desert and also inside refugee camps of Ethiopia. After a minute of silence to those who lost their lives in the continued tragedies and a brief summary of the occasion, from the Eritrean Community Center's Chairman, and also sharing the media information towards the magnitude of this illegal Human Trafficking and wanton destruction against the people of Eritrea, residents shared their grief and comforted one another to extend condolences to family and friends who have lost loved ones. Our Community Center sincerely believes that this continued death and destruction would come to an end once the people and government of Eritrea come together, stronger than before, to resolve this crisis.

May our brothers and sisters, along the other citizens, Rest in Peace !

Eternal Glory to our Martyrs !    Victory to the Masses !



















**Eritrean Community Cultural & Development Center (ECCDC): San Jose, CA**

**Sunday: October 13, 2013**